ERI-PLATFORM
Enlighten, Engage, Unite

ኤሪ-ፕላትፎርም
ኣብርህ፡ ኣሳትፍ፡ ኣስምር

ብራሰል፡ በልጁም
6 ነሓሰ 2022

*ኤርትራ ሲምፖዝዩም 2022-II*

# ምድራኽ ሃገር-በቑል ስግግር ናብ ቅዋማዊ ምሕደራ

*ኣምባ. ዓንደብርሃን ወልደጊዮርጊስ*

**መኽፈቲ መደረ**

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ተሳተፍቲ *2ይ ኤርትራ ሲምፖዝዩም 2022* (2022-II)

ምውቕ ሰላምታ ብምቕዳም፡ እንኳዕ ናብዚ ኣብ ብራሰልስ፡ በልጁም፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ንካልኣይ ግዜ ዚሰላሰል ዘሎ *ኤርትራ ሲምፖዝዩም* ብደሓን መጻእኩም።

እዚ፡ ኣብዚ ሃገርናን ዞባናን ኣብ ተቐያያሪ ርሱንን ዝሑልን ተጻብኦታት ተጻሚዱሉ ዘሎ ቅልውላዋዊ ህሞት ዚካየድ ዘሎ እዋናዊ ሲምፖዝዩም'ዚ፡ ፍሉይ ኣገዳስነት ኣለዎ። ኣብዚ ኣገዳስን እዋናውን ሲምፖዝዩም'ዚ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ንካልኣይ እዋን፡ ንምስታፍ፡ ብሕታዊ ዋኒንኩም ኣወንዚፍኩም፡ ካብ ኤውሮጳ፡ ካናዳን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን (ሕመኣ) ብምምጻእኩም ብልቢ ኣመስግን። እቲ ኣብዚ ኣኣኪቡና ዘሎ ቀንዲ ጉዳይ፡ ኣብታ እነፍቅራ ሃገርና ኤርትራ፡ ልዑላውነት ሃገርና ዘውሕስ፡ ንህዝብና ልዑላዊ ስልጣን ዘጐናጽፍ፣ ሓርነት፡ ፍትሕን ራህዋን ዘስፍን *ሃገር-በቑል ስግግር ናብ ቅዋማዊ ምሕደራ ንምድራኽ* ዘበርክት ኣገባብ ብምድህሳስ፡ ንኣድማዒ ሓባራዊ ስራሕ ንምብጋስ ኢዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ መሰል ርእሰ-ውሳኔ ዚተናውሐ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ቃልሲ ከም ዘካየደ ኩላትና ንፈልጥ። በቲ ዚተኻየደ ተባዕ ቃልሲ፡ በቲ ምጽኣት ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራ ዘጐናጸፈ ፍጹም ወተሃደራዊ ዓወትን ስዒቡ ዚተሰላሰለ ረፈረንዱምን ድማ፡ ኣዚና ንሕበን። ኰይኑ ግን፡ ሳላሳን ሓደን ዓመታት ድሕሪ ምጒንጻፍ ናይቲ ብብርቱዕ ቃልስን ከቢድ መስዋእትን ዚተጨበጠ ናጽነት፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ኣብቲ ቅድሚኡ ዚነበረ እዋናት ናይ ተኸታታሊ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዚሓይሽ ህይወት ናይ ሓርነት፡ ፍትሕን ራህዋን ተሓሪሙዎ ጸኒሑ። ኣረ ብገለ መዳያቱስ፡ ኣዝዩ ዚኸፍአ ኢዩ።

እቲ ንኹሉ ፖለቲካዊ ስልጣን ዚገበተ መላኺ፡ ንጉዳይ ሃገርን ዋኒን መንግስትን፡ ኣሰር ርትዓውነት፡ ግሉጽነት ኰነ ተሓታትነት ብዘይብሉ ሃውራዊ ኣከያይዳ፡ ንኹሉ መዳያት ሃገራዊ ህይወት፡ መንገዲ ቊልቊለት ኣትሒዙ ኪጐዓዝ ጸኒሑን ኣሎን። ህሉው ቊመና ሃገርናን መነባብሮ ህዝብናን ህያው መሰኻኽር ናይዚ ዘሐዝን ክዉንነት'ዚ ኢዮም።

ኤርትራ ሽሕ'ኳ ጸዓተኛ፡ ጻዕረኛ፡ ህርኩት ህዝብን እኹል ባህርያዊ ጸጋታትን ዚተዓደለት ሃገር እንተ ኾነት፡ ቊጠባኣ ብቐጻሊ ከንቈልቊል፡ ደረጃ መነባብሮ ህዝባ ዓመት-ዓመት ካብ ሕማቕ ናብ ዚሓመቐ ኪወርድ ጸኒሑ። ሎሚ ሃገራዊ ቊጠባና ኣብ ዕንወት ይርከብ። ህዝብና ኣብ ሓሳረ-መከራ ናይ ኣዋጣሪ ሕጽረት ወይ ፍጹም ስእነት ናይ እኽለ-ማይ፡ መብራህቲ፡ ሓይሊ ኤለክትሪክ፡ መንበሪ ኣባይቲ፡ ዚኣመሰሉ መሰረታዊ ኣድለይቲ ነገራት ይነብር ኣሎ። ብቐጻሊ ስእነት ወይ ትሑት ደረጃ ናይ ከም ክንክን ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ መጐዓዝያ፡ መራኸቢታት፡ ዋኒን-ባንካ (banking) ዚኣመሰሉ ኣድለይቲ ህዝባዊ ኣቕሑን ኣገልግሎታትን ይሳቐ ኣሎ። ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ሎሚ ዘመንያ ግሪንቢጥ ማይ ንዓቕብ ኰይኑ፡ ኤርትራውያን፡ ንተራ ይኹን ብርቱዕ ሕማማት፡ ሕክምናዊ ክንክን ንምንዳይ፡ ናብ ሱዳን ወይ ኢትዮጵያ ምኻድ ኪግደዱ ኣዝዩ ዘሕፍር ክስተት ኢዩ።

ሓደ ውልቀ-መላኺ ልዑላዊ ስልጣን ህዝቢ ብኢደ-ወነኑ ገቢቱ፡ ነቲ ብሰፊሕ ተሳትፎ ህዝቢ ተነዲፉ ብግቡእ ዚጸደቐ ቅዋም ኤርትራ ረጊጹ፡ ኣብ ሃገርና ብውልቃዊ ዊንታ ዚለዋወጥ፡ ግዝኣተ-ሰብ ኣስፊኑ ኣሎ። ብቕዋም ዘይምምሕዳር፡ ንህዝቢ ኤርትራ መሰረታዊ ፖለቲካዊ፡ ቊጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን መሰላቱ ሓሪሙዎ ጸኒሑ። እቲ ብመንገዲ ግዝኣት ናይ ሕሱም ጭቈናን ኣረሜናዊ መድቈስትን ዚትግበር ኵሉመዳያዊ ሕርመት መሰላትን ሓርነታትን ህዝቢ ኣብ ኤርትራ ብምሒር ፍርሒ ዚተጐብአ ሃዋህው ኣስፊኑ።

ብርግጽ፡ ህሉው ኵነታት ሃገርናን ህዝብናን ህጹጽ ኣድላይነት ናይ ምምስራት ሓድሽ ደሞክራስያዊ ኣከያይዳን ምትካል ቅዋማዊ ምሕደራን የነጽር። ኣብቲ ልቢ ወይ ከርሲ ልቦም፡ መብዛሕትኦም ኤርትራውያን፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዚነብሩ ይኹን ኣብ ዳያስፖራ፡ እቲ ዚህሉዎም ፖለቲካዊ ምትእስሳር ብዘየገድስ፡ ኣብ ህጹጽ ኣድላይነት ርጉእ ስግግር ናብ ቅዋማዊ ምሕደራ ይሰማምዑ ኢዮም። ብተወሳኺ፡ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ኣድላዪ ጥራይ ዘይኰነስ፡ እንተላይ ግድን ዘይተርፍ ምኳኑ ከም ሓቒቕ ንጹር ኢዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ በቲ ምልካዊ ስርዓት ዚፍጸም ብርታዐ ጸቕጢ ብዘየገድስ፡ እቲ ህሉው ኵነታት ንነዊሕ እዋን ኪጸወር ዘይከኣል ስለ ዚኾነ።

ኰይኑ ግን፡ እቲ ለውጢ፡ ረብሓን ጥቕምን ናይ መብዛሕትኡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን፡ ናብ ዘረጋግጽ ሃገር-በቑልን ካብ ግዳማዊ ምትእትታው ናጻ ዚኾነን ቅዋማዊ ምሕደራ ከምርሕ ይግባእ። ክንዲ ዚኾነ፡ ኵሉ ሃገራዊ ፕሮ-ደሞክራስያዊ ኤርትራዊ፡ ህሉው ፖለቲካዊ ኣረኣእያኡ ኰነ ምትእስሳሩ ብዘየገድስ፡ ብሓደ ወገን፡ ንልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ሃገረ ኤርትራ ኪከላኸል፡ በቲ ካልእ ድማ፡ ርጉእ ስግግር ናብ ቅዋማዊ ምሕደራ ንምምጻእ ኪቃለስ ብጹእ ሞራላዊ ሓላፍነት ኣለዎ።

ንኹሉ’ቲ ኣብ ልዕሊ ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ሃገረ ኤርትራ ዚውርወር ድፍረትን ታህዲድን ምቅዋም፡ ብሓደ ወገን፡ ቅዋማዊ ምሕደራ ንምትካል ምቅላስ ድማ፡ በቲ ካልእ፡ ጥቡቕ መጐታዊ ምትእስሳር ኣለዎም። ኣብዚ፡ ምስዚ ኣተሓሒዘ ከስምረሉ ዝደሊ ሓደ ኣዝዩ ኣገዳሲ ጒዳይ ኣሎ። እዚ ድማ፡ ምትካል ቅዋማዊ ምሕደራ ኣብ ኤርትራ ብቐንዱ ንኤርትራውያን ዚምልከት ውራይ ኤርትራውያን ጥራይ ኢዩ። ክንዲ ዚኾነ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኪበቍል፣ ብኤርትራዊ ዋንነት፡ ውሳኔን ሜላን ኪብገስ፡ ኪድረኽን ኪፍጸምን ይግባእ። ግዳማዊ ምትእትታው ዓቢ ጒድኣት’ምበር ዚኾነ ፋይዳ ከም ዘይብሉ ተመኲሮ ሶማልያ፡ ዒራቕ፡ ኣፍጋኒስታን፡ ሲርያ፡ ሊብያ እኹል መርትዖ ኢዩ።

ካብኡ ሓሊፉ፡ ብስም ተቓውሞ ንምልካዊ ስርዓት ወይ ብስም ጽልኣት ኢሳያስ፡ ጸግዒ ናይ ሓደ ኣብ ልዕሊ ግዝኣታዊ ምሉእነትን ልዑላውነትን ሃገረ ኤርትራ እዉጅ ኣስፋሕፋሒ ህርፋን ዘለዎ፣ ብግብሪ ንሃገረ ኤርትራ ኣዳኺሙ ንምምቕቓል ዚሰርሕ፣ ተጻባኢ ባዕዳዊ ሓይሊ ምሓዝ፣ ስለያዊ ሓበሬታ ምምጣው፣ መሳርሒ ፖለቲካዊ ዕላምኡን ፕሮፓጋንዳዊ ዘመትኡን ምዃን ኰነ ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራን ድሕነት ሃገረ ኤርትራን ዚጻረር ተግባራት ምስልሳል፣ ኣብ ትሕቲ ሕጊ፡ ብገበናዊ ተግባር ዘኽስስ ክድዓት ኢዩ።

ኣብዚ ኣጋጣሚ’ዚ፡ ነቶም ብምትእትታው ግዳማዊ ሓይልታት ነቲ ምልካዊ ስርዓት ንምእላይ ዚሕልኑ፡ ነቲ ሓደገኛ መርገጺኦም፡ ምእንቲ’ቲ ህያው ረብሓ ህዝቢ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን፡ ዳግመ-ገምጋም ኪገብሩሉ፣ ኣብ ጐድኒ ህዝቦምን ሃገሮምን ደው ኢሎም ንተግባራዊ ዓቕሚ ህዝቢ ኤርትራ ንምሕያል ኪሰርሑ እጽውዕ። ብማዕረ መዐየሪ፡ ነቶም ንስቓይ ህዝቢ ኤርትራ እናረኣዩ ከም ዘይረኣዩ፡ ነቲ ምልካዊ ስርዓት ዕዉር ወይ ዘይነቐፌታዊ ደገፍ ምሃብ ዚቕጽሉ ዘለዉ፡ መርገጺኦም ዳግመ-ግምት ኪገብሩሉን፡ ምእንቲ ዚለዓለ ረብሓ ህዝቢ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን፡ ኣብቲ ምእንቲ ፍትሕን ቅዋማዊ ምሕደራን ዚካየድ ቃልሲ ኪጽንበሩን እጽውዕ። ብተመሳሳሊ መምዘኒ፡ ነቶም ኣብቲ *‘ሰቕተኛ ኣብዝሓ’* ተደጒሎም ዘለዉ፡ ኣብ ክንዲ ኣብቲ ንድሕነት ህዝቢ ኤርትራን ፖለቲካዊ ጥዕና ሃገረ ኤርትራን ወሳኒ ኣገዳስነት ዘለዎ ጒዳይ ልኡማት ተዓዘብቲ ዚኾኑ፡ ኣብ መሳርዕ ቃልሲ ንፍትሕን ቅዋማዊ ምሕደራን ኪጽንበሩ እጽውዕ።

ኤሪ-ፕላትፎርም፡ ኣብዘን ዚሓለፋ ሓሙሽተ ዓመታት፡ ኣብ መንጎ ፕሮ-ደሞክራስያዊ ተነጣጠፍቲ ኤርትራውያን ኣብ ዳያስፖራ፡ ቀንዲ ረብሓ ህዝቢ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን ዘማእከለ፡ ሓባራዊ ባይታ ናይ ሓባር ስራሕ ንምንጻፍ ኪሰርሕ ጸኒሑ። ነዚ ሸቶ’ዚ ንምውቃዕ፡ ፕሮ-ደሞክራስያዊ ተነጣጠፍቲ ጒጅለታትን ውልቀሰባትን ብምትእኽኻብ፡ ሃናጺ ሃገራዊ ልዝብ ንምክያድ፡ ጠቓሚ ሓሳባት ንምእማም፡ ዓቕምታት ንምውህላል ኰነ ርጉእ ስግግር ኣብ ምድራኽ ንምትሕግጋዝ ዚዓለመ ተኸታታሊ ሲምፖዝዩማት ከሰላስል ጸኒሑን ኣሎን። ከም መቐጸልታ ናይቲ ኪካየድ ዚጸንሐ ጻዓት ድማ፡ ኤሪ-ፕላትፎርም ሎሚ ኣብ ትሕቲ ***ምድራኽ ሃገር-በቑል ስግግር ናብ ደሞክራስያዊ ምሕደራ*** ዚብል ቴማ *2ይ ኤርትራ ሲምፖዝዩም 2022* ኣብ ምክያድ ይርከብ።

*እዚ 2ይ ኤርትራ ሲምፖዝዩም 2022* ሰለስተ ቀንዲ ዕላማታት ኣለዉዎ፡-

1. ነቶም ኣብቶም ዚሓለፉ ሲምፖዝዩማት ዚተሓፍሱ ዓወታት መሰረት ብምግባር፡ ኣብ መንጎ’ቶም ኣብ ዳያስፖራ ዘለዉ ፕሮደሞክራስያዊ ተነጣጠፍቲ ጒጅለታትን ውልቀሰባትን ጥርናፈ ንምድንፋዕን ምትሕብባር ንምሕያልን። ኣብ ምንታይ ዕላማ፤ (1) ሃገራዊ ረብሓ ህዝቢ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን ኣብ ምክልኻል፣ (2) ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ሃገረ ኤርትራ ኣብ ምድጋፍ፣ (3) ኣብ ኤርትራ ቅዋማዊ ምሕደራ ንምትካል ኣብ ምጽዓር።

2. ኣብ ህሉው ኲነታት ኤርትራ ኣብ ቅኑዕ ሓበሬታ ዚተመርከሰ ዝርርብ ምክያድን ኣብ ሓባራዊ ራእይ ዚተመስረተ ፕራግማታዊ ውጥናት ሓባራዊ ስራሕ ምእማምን።

3. ኣብ መንጎ’ቶም ኣብ ዳያስፖራ ዘለዉ ፕሮ-ደሞክራስያዊ ተነጣጠፍቲ መድረኽ ሓድሕዳዊ ምትእስሳርን ምትሕግጋዝን ምውዳድ።

ነቲ ድርብ ዕማም ናይ ምክልኻል ሃገራዊ ረብሓን ምድራኽ ቅዋማዊ ምሕደራን ብኣድማዕነት ንምስልሳል ክልተ ጽፍሕታት ዚሓዘ ኣወዳድባ ምትእትታው ዘድሊ እመስለኒ።

(1) ብመልክዕ ልፍንቲ (coalition) ዚጥርነፍ ሰፊሕ ምትእኽኻብ ናይ በበይኑ ኣረኣእያታት ዘለዎም ዚተፈላለዩ ተነጣጠፍቲ ጒጅለታትን ውልቀሰባትን። እቲ ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ጥርናፈ’ዚ፡ ንኹሉ ግዳማዊ ስግኣታትን ምትእትታውን ብምብዳህ መሰረታዊ ረብሓ ሃገረ ኤርትራ ንምውሓስ ምቅላስ ኢዩ። እዚ ጥርናፈ’ዚ ነቶም ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን ዚቃለሱ፣ ንልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ሃገረ ኤርትራ ዚከላኸሉ፣ ንኹሉ ግዳማዊ ምትእትታው ኣብ ውሽጣዊ ጒዳይ ኤርትራ ዚቃወሙ ተነጣጠፍቲ ውድባት ኰነ ውልቀሰባት ይሓቍፍ። ነዚ ልፍንታዊ ጥርናፈ’ዚ *ቀጻሪ ልዑላውነት ኤርትራ* (ቀልኤ) ክንሰምዮ ንኽእል።

(2) ስጡም ጥርናፈ (coalescence) ዘለዎ ሕመረት ናይ ሓባራዊ ኣረኣእያ ዘለዎም ተነጣጠፍቲ ውልቀሰባት። እቲ ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ጥርናፈ’ዚ፡ መሰል ርእሰ-ውሳኔ ኤርትራ ከም ህዝቢ፡ ዚደለዮ መንግስቲ ብናጽነት ናይ ምምራጽ መሰል፡ ምርግጋጽ ኢዩ። ብጭቡጥ፡ እቲ ሕመረታዊ ጥርናፈ ነቶም ኣብ ኤርትራ ሃገርና ምእንቲ እዞም ዚስዕቡ ዕላማታት ዚቃለሱ ተነጣጠፍቲ ውልቀሰባት ይሓቍፍ፡- (1) ምልካዊ ስርዓት ብምእላይ ርጉእ ደሞክራስያዊ ስግግር ምምጻእ፣ (2) ግዝኣተ ሕጊ ዘንግስ፣ ድሕነት ሃገርን ርግኣት ሕብረተሰብን ዘረጋግጽ፣ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት፡ መባእታዊ ሓርነታት ኰነ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘውሕስ፤ ሰብኣዊ ኣኽብሮትን ማዕርነትን ዘስፍን፣ ግሉጽን ተሓታትን ቅዋማዊ ምሕደራ ምትካል፤ (3) ዓለማዊ (ዕልማናዊ) ዜግነታዊ ሃገረ መንግስቲ ምህናጽ፣ (4) ኣሳታፊ ፖለቲካዊ መስርሕ ምጥጣሕ፣ (5) ሃገራዊ ቍጠባ ምብርባርን ሰብኣዊ ርእሰማል ምምዕባልን፣ (6) ሃገራዊ ሓድነትን ማሕበራዊ ስኒትን ህዝብና ምድልዳል፤ (7) ሰላማዊ ሓባረ-ህላወን ጽቡቕ ጒርብትናን ዚኾስኵስ ግዳማዊ ሜላ ምኽታል። እዞም ዓምድታት እዚኣቶም ከም ቀንዲ መሰረት ሕመረታዊ ጥርናፈ የገልግሉ።

ኣብዚ ህሉው ኵነታት፡ ኵሉ ሃገራውን ፕሮደሞክራስያውን ኤርትራዊ ዜጋ፡ ከም ውልቀሰብ ዚነጥፍ ይኹን ከም ጕጅለ፡ ግዝኣተ-ሕጊ ዘንግስ፣ ፍትሒ ዘስፍን፣ መሰረታዊ መሰላትን ሓርነታትን ዘኽብር ቅዋማዊ ምሕደራ ንምድራኽ ኪሰርሕ ከቢድ ሓላፍነት ኣለዎ። ሃገርና፡ ብሰንኪ (1) ጥልመት መበቈላዊ ዕላማታት ብረታዊ ቃልስናን መሰረታዊ ሃረርታ ህዝብናን፡ (2) ሃውራውን ተለዋዋጥን ኣከያይዳ ግዝኣተ-ሰብ፡ (3) ብኽነት ባህርያውን ሰብኣውን ጺጋታትና፡ ኣብ ኵሉ መዳያት ሃገራዊ ህይወት፡ መንገዲ ቍልቍለት ሒዛ ኪትጕዓዝ ጸኒሓ። ኣንፈት ናይዚ ጕዕዞ'ዚ ንምቕልባስ ብንቕሓት ክንሰርሕ ኣሎና።

እዞም ኣብ ዳያስፖራ እንነብር ተነጣጠፍቲ ድማ፡ ኣካል ናይቲ መስርሕ ክንከውን፣ ኣብታ እነፍቅራ ሃገርና ቅዋማዊ ምሕደራ ኣብ ምድራኽ፡ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ፡ ከነበርክት ዓቢ ተኽእሎ ኣለና። ለውጢ ኣብ ምቅልጣፍ፡ ርጉእ ደሞክራስያዊ ስግግር ኣብ ምድራኽ መታን ከነበርክት ግን፣ ቅሩብነት፡ ተወፋይነት፡ ሓድነት፡ ጥርናፈ የድልየና። በበይንኻ ተበታቲንካ ካብ ምስራሕ፣ ተጠርኒፍካ፡ ሰብኣውን ንዋታውን ዓቕምታትካ ኣዋህሊልካ፡ ጸዓትካ ኣወሃሂድካ ምስራሕ ብዝያዳ የድምዕ። ብርግጽ፡ ጥርናፈና ዓወት ሓባራዊ ዕላማና ከቀላጥፍን ከውሕስን ዚዓበየ ተኽእሎ ኣለዎ።

ደረጃ ቅሩብነት፡ ተወፋይነት፡ ሓድነትን ጥርናፈን ውጽኢት ውልቃዊ ውሳኔ ናይ ነፍሲ ወከፍና ኢዩ። ሃገራዊ ሽቶና ንምዕዋት ሓያል ውዳበ፡ ተሪር ሓድነት ዕላማ፡ ጽኑዕ ምሕዝነት ቃልሲ ምኽስኳስ የድሊ። ህዝቢ ኤርትራ ክብረቱ ዚሕልወሉ፣ ማዕረ መሰል፡ ማዕረ ናጽነት፡ ማዕረ ዕድል ዘረጋግጸሉ፣ ፍትሒ፡ ራህዋን ቅሳነትን ዘስፍን፣ ኣብ ኵሉ መዳያት ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ህይወት ሃገርና ንጡፍ ተሳትፎኡ ዘኽእል፣ መንግስቲ ኪህልዎ ከም ዚግባእን ኪህሉዎ ከም ዘለዎን ዘማትእ ኣይኮነን። እምበኣርከስ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ሰብኣዊ ድሕነት ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ዘውሕስ ተሓታትን ግሉጽን ቅዋማዊ ምሕደራ ንምድራኽ ንበገስ።

ዕዉት ሲምፖዝዩም ኪኾነልና እናተምነኹ፣ ጽን ኢልኩም ስለዝሰምዕኩምኒ ኣመስግን።

ዘልኣለማዊ ሓበን ንጀጋኑ ሰማእታትና!
ዕድመ ንናጻ ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራ!
ፈጣሪ ንኤርትራን ህዝባን ይባርኽ!